# ኩዑሶ-ኢድን ሃንድ-ዘ-ቦል(ምትሕልላፍ ኩዑሶን)

*ኩዑሶ-ኢድ* ብጋንታ ዝጽወት ጸወታ ኮይኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ድማ ይሳተፍዎ።ንደቂ ጋንታኻ ብኢድካ ገይርካ ኢኻ ነታ ኩዑሶ ተሕልፈሎም።ዕላማ ናይ'ዚ ጸወታ ነታ ኩዑሶ ኣብ በሪ ናይ'ታ ተቓናቓኒት ጋንታ ጐል ምምዝጋብ እዩ።ግጥም ኣብ ዝካየደሉ እዋን ብዙሓት ተጻወቲ ስለ ዝቀያየሩ ብዙሕ ጐላት ይኣትዋን ብዙሓት ተጻወቲ ድማ ክጻወቱ ዕድል ይረኽቡን።በዚ ምኽንያት ኣብ'ዚ ጸወታ ክትዕወት እንተኾይንካ ኩሎም ተጻወቲ ናይ'ታ ጋንታ ክጻወቱ ዕድል ክረኽቡ ኣለዎም።ሽወደን ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ይኹን ደቂ ተባዕትዮ ኩዑሶ-ኢድ ሓንቲ ካብ'ተን ቀንዲ ሓያላ ሃገር ኣብ ዓለም እያ።

*ሃንድ-ዘ-ቦል* ኣብ ምውድዳርን ምስዓርን ዘየድህብ ኮይኑ ሓደ ፍኹስ ዝበለ ዓይነት ጸወታ ኩዑሶ-ኢድ እዩ።እቲ ጸወታ ተዛኒኻ ትጻወቶን ሓቢርካ ንኽተማዕብሎ ድማ ሓድሽ ሓሳባት ዝቕበል ጸወታ እዩ።እታ መጻወቲት ኩዑሶ ፈኲስ ቐጠልያ ኮይና ናይ'ቲ ጸወታ ዕላማ ድማ ሰባት ምጥርናፍን ርክባት ምፍጣርን ናይ ምጽዋት ደስታ ከም ዝህሉ ምግባርን እዩ።

**ኣባል ናይ ሓንቲ ክለብ ምዃን እንታይ ትርጉም ኣለዎ?**

ክለባት ስፖርት ብወለንታውያን ሰባት ዝካየድ ኮይኑ እቶም ሰባት ብነጻ ይሰርሑ።ኣብ ሽወደን ክለባት ስፖርት ኣዝየን ኣገደስቲ ከም ምዃነን እየን ዝፍለጣ።ስለ'ዚ እዩ ኸኣ በተን ንኡሳን-ዞባታትን ብመንግስትን ሓገዝ ገንዘብ ዝግበረለን። መብዛሕቱ ግዜ እቲ ሓገዝ ነቶም ውጻኢታት ናይ'ተን ክለባት ክሸፍኖ ኣይክእልን።ንኣብነት ልምምድ መግበሪ፡ መራሕቲ ስፖርት መምሃሪ፡መሳርሒ ስፖርት መዐደጊ፡ውድድራት መዳለዊ፡ወጻኢታት መጐዓዓዝያን ወዘተን እቲ ሓገዝ እኹል ኣይከውንን።

**እቶም ኣባላታ ይውስኑ**

መኽሰብ-ዘይድልባ ማሕበራት(ክለባት) ዴሞክራስያውያን እየን።ኣብ ዓመት ሓንሳብ እንተ ወሓደ ዓመታዊ ኣኼባ የዳልዋ።ኣብ'ቲ ኣኼባ ኩሎም ኣባልነት ዝኸፍሉ ኣባላት ኣብ ዝመጽእ እታ ማሕበር እንታይ ከም ትገብርን እቲ ገንዘብ ኣብ ምንታይ ከም ዝውዕልን ሓቢሮም ይዝትዩሉን ይውስኑን።ኣብ'ቲ ዓመታዊ ኣኼባ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሓንቲ ድምጺ ኣላቶ።ኣብ'ቲ ኣኼባ ከም ኣባል ነታ ማሕበር ዝመርሑ ኣካየድቲ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።እቶም ዝምርጹ ኣካየድቲ ክሳብ እታ ትመጽ ዓመት ነታ ማሕበር ይመርሕዋ።እታ ማሕበር ነቲ ናታ ቅዋም ከም ትኽታተል እቶም ኣካየድቲ የረጋግጹ።እታ ማሕበር ከመይ ገይራ ከም ትዓዪ ወይ ዕማማታ ከም ተካይድ ዝመርሓ እቲ ንኹሎም ኣባላታ ዝምልከት ድንጋገታት ቅዋም እዩ።

**ኩሎም ብነጻ ዝሰርሑ እንተኾይኖም ስለምንታይ ገንዘብ ምኽፋል የድሊ?**

ሳላ መብዛሕተኦም ኣባላት ብነጻ ዝዋስኡን ሓገዞም ዘበርክቱን ነቲ ዘድሊ ወጻኢ ብምንካይ ብዙሓት ሰባት ዓቕሚ ረኺቦም ኣብ'ቲ ስፖርት ክሳተፉ ይኽኣሉ ደኣ'ምበር፡እቲ ማሕበር ግን ከም ክራይ ናይ'ቲ መጻወቲ ቦታ፡ መሳርሕታትን ክፍሊታት መድሕንን(ኢንሹራንስን) ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ኣለውዎ።



**ኣብ መንጎ ክፍሊት ኣባልነትን ክፍሊት መለማመድን እንታይ ፍልሊ ኣሎ?**

<u>ክፍሊት ኣባልነት</u> ነታ ማሕበር ዝኽፈል ገንዘብ ኾይኑ ማሕበር ክትጸልዋን መሰል ይህልወካ- ንኣብነት ኣብ ዓመታዊ ኣኼባ ከም ሓደ ካብቶም ኣካየድቲ ኮይንካ ክትምረጽ ወይ ክትመርጽ ትኽእል።ብተወሳኺ እቲ ክፍሊት ንስኻ ወይ ውላድካ ስፖርት ኣብ ትገብሩሉ እዋን ገለ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ኢንሹራንስ ወይ መድህን ይህልወኩም።ክፍሊት ኣባልነት ኣብ ዓመት ሓንሳብ እዩ።እቲ <u>ክፍሊት ልምምድ</u> ግን ካልእ ወጻኢታት ናይ'ታ ማሕበር ኣብ ምሽፋን መዓላ ይውዕል።መዐደጊ ማተርያል፡መጋጠሚ ማልያ፡ክራይ ቦታ፡መምሃሪ ኣሰልጠንትን ክፍሊት ዳያኑን።

**ሽወደናዊ ፈደረሽን ኲዑሶ-ኢድ**

ሓንቲ ፈደረሽን ስፖርት ኣብ’ቲ ስፖርት ዘለዉ ንጥፈታት ተወሃህድ።
ንጥፈታት ሽወደናዊ ፈደረሽን ኲዑሶ-ኢድ ምስ ኲሎም ተሳተፍቲ ስፖርቲ ኮይኑ ሓጐስ፡ተሳታፍነት፡ ፍትሒ፡ ምክብባርን ብዙሕነት ዘለዎ ክኸውን ይደሊ።ናይ ሽወደናዊ ፈደረሽን ኲዕሶ-ኢድ ተበግሶ ዕማሙ እምበኣር ጠለባቱ ኣብ ምምላእን ኣብ’ቶም ሽወደናዊ ምንቅስቓስ ስፖርት ዝኣምነሎም ክብርታት ዝተመስረተ ክኸውን ኣለዎ።ኲለን ኣብ ስቶክሆልም ዘለዋ ማሕበራት ኣባላት ናይ’ቲ ፈደረሽን ኲዕሶ-ኢድ ስቶክሆልም እየን።

www.handtheball.se

